ሃገራዊ ትካል ህዝባዊ ጥዕናን ኣከባብን
ሚኒስትሪ ጥዕና፣ ሰብኣዊ-ድሕነትን
ስፖርትን

ፖስታ ዝለኣኽሉ ኣድራሻ፡- RIVM-DVP West, PO BOX 654, 2700 AR ZOETERMEER

ናብ ወለዲ/ኣለይቲ ናይ፡-

ቍጽሪ ዜጋዊ ኣገልግሎት፡-

!

ዕለት፡- XXX 2023
ጉዳይ፡- ክታበት ንውላድኩም

ጥብቆታት፡-
- ካርድታት ክታበት
- ወረቐት ምስክር ክታበት
- ንክታበታት ዝምልከት በራሪ ጽሑፍ

ዝኸበርኩም ወለዲ/ኣለይቲ፡

ቈልዓ ብምውላድኩም 'እንቋዕ ሓጎሰኩም' ንብል!
ውላድኩም ኣብ ዝሓጸረ እዋን ፈላሚ ክታበት ክትወስድ እኽልቲ ኣብ እትኹነሉ ዕድመ ክትበጽሕ እያ። ብዛዕባ'ዚ ኣብ'ቲ ምስ'ዚ ደብዳቤ እዚ ተታሓሒዙ ተላኢኹልኩም ዘሎ በራሪ ጽሑፍ ተወሳኺ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

**እዞም ክታበታት ኣበይ እዮም ዝወሃቡ?**
ናብ ክሊኒክ ዌል-በይቢ ምስመጻእኩም፡ ንውላድኩም እዞም ክታበታት እዚኣቶም ክወሃብዋ እዮም። ነዚ ንምግባር ኣቐዲምኩም ቈጸራ ክትሕዙ ኣየድልየኩምን እዩ። ከተኽትቡ ክትመጹ እንከለኹም፡ ናይ ውላድኩም ካርድታትን ወረቐት-ምስክርን ክታበት ምሳኹም ተማልእዎ። ኣብ'ዛ ሰታሪት እዚኣ ኣለዉኹም።

**ክታበት ንምንታይ ኣድለየ?**
ሃገራዊ መደብ ክታበት፡ ንህጻናት ካብ 12 ዓይነት ከበድቲ ተማሓላለፍቲ ሕማማት ዝከላኸሉሎም ክታበታት ይህብ። ነዚ ዕማም እዚ ን 65 ዓመታት ከነሰላስሎ ጸኒሕና ስለዘለና፥ እዞም ሕማማት እዚኣቶም ዳርጋ ሙሉእ-ብሙሉእ ጠፊኦም እዮም። ነዞም ሕማማት እዚኣቶም ብዝምልከት፡ ኣብ'ዚ በራሪ ጽሑፍ እዚ ተወሳኺ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

**ንተሓከምቲ ዘገልግል ሓበሬታ ዝሓዙ በረርቲ ጽሑፋት**
እዞም ክታበታት ብጥንቃቐ እተፈተኑ እዮም። ውሑሳት እዮም። ንደቅኹም፡ ከም ትሑት መጠን ኣካላዊ ረስኒ ዝኣመሰለ ጐድናዊ ሳዕቤን ክረኣዮም ተኽእሎ ኣሎ። ብዛዕባ ትሕዝቶ ናይ'ዞም ክታበታት ክትፈልጡ ድልየት ኣለኩም ዶ? ነዞም ንተሓከምቲ ዘገልግል ሓበሬታ ዝሓዙ በረርቲ ጽሑፋት ኣንብብዎም። ነዞም በረርቲ ጽሑፋት ኣብ'ዚ ገጽ እዚ ክትረኽብዎም ትኽእሉ ኢኹም፡-
rijksvaccinatieprogramma.nl/bijsluiters።

**ዝኹነ ይኹን ሕቶ ዶ ኣለኩም?**
ናብ rijksvaccinatieprogramma.nl እተዉ፡
ናብ thuisarts.nl እተዉ፡
ወይ ድማ ኣብ ክሊኒክ ዌል-በይቢ ንእትሰርሑ ነርስ ወይ ንዶክተር ኣዘራርቡ።

ምስ ኣኽብሮት፡

ዶ/ር የኣን-ማሪ ሃመንት

0000000008003651
8003651 - - 01/12